orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

Informationen in anderen Sprachen
Informations en langues étrangères
Informazioni in lingue straniere

ቀጻሊ ትምህርትን ቋንቋን

እዋናት ቤት ትምህርትን ትምህርቲ ሙያን ኣብ ወጻኢ ዓዲ ኣሕሊፍኩሞ፣ ሕጂ ከኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ትደልዩ ኣለኹም? ወይስ ኣብ ስዊዘርላንድ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትመሃሩ ደሊኹም?

„Parlez-vous français?“ „Sprechen Sie Deutsch?“ „Parla italiano?“

ኣብ ስዊዘርላንድ ስራህ ክትደልዩ ይኹም ክትመሃሩ እንተደሊኹም: ሓደ ካብተን ኣገደስቲ ዝኾና ቅድመ ኩነታት ናይ እቲ ከባቢ ቋንቋ ምፍላጥ እዩ። ስዊዘርላንድ ኣርባዕተ ዕላዊያን ቋንቋታት ኣለዋ: ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ጥልያንኛ፣ ሮማንኛ (ሩማንቲሽ ግሪሹን)።

ኣብ ሓደ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ዓዲ ዘለኹም እንተ ኼንኩም: ቤቲ ዕላዊ ጀርመንኛ ጀምሩ! ኣብ ዝመጽእ ዘሎ እዋን ኑቲ ናይ ስዊዘርላንድ ጀርመንኛ ምእንቲ ክትመልኩ - ወይ ካብኡ ሓሊፍኩም ንኽትዛረቡ፣ ጽቡቕ ዝኾነ መሰረት ይኾነልኩም።

ንሓደ ስራሕ ተሓጋጋዛይ ንምስራሕ፣ ኑቲ ናይ ዘለኹሞ ከባቢ ቋንቋ ክትርድኣዎ ከምኡውን ቁሩብ ክትዛረቡ እንተኽኣልኩም ይኣክል እዩ። ካብቶም ስራሕ ተሓጋጋዛይ ዝሰርሑ እውን እንተኾነ ቁሩብ ከንብቡን ክጽሕፉን ትጽቢት ምግብር ኣንዳበዝሑ ከይድ ኣሎ፣ በዳሂ ንዝኾነ ስራሕ ግን ኣጸቢቑ ዝበለጸ ክብ ዝበለ ክእለት ቋንቋ ክህልወኩም ኣለዎ። ንቀጻሊ ትምህርቲ ወይ ድማ ንትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ግን ውሱብስብ ዝኾነ ጽሑፋት ክተንብቡን ክርደኣኩምን ኣለዎ ከምኡውን ባዕልኹም ጽሑፋት ክትጽሕፍ ክትክእሉ ኣለኩም: ስለዚ ከከም ዕላማኹም ዝተፈላለየ ናይ ቋንቋ ክእለት ደረጃ ክህልወኩም ግድን እዩ። በዚ ምኽንያት ኣየናይ ኮርስ ቋንቋ ኑቲ እስኹም ሓሲብኩሞ ዘለኹም ዕላማ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ፣ ሓበሬታ ምርካብ ኣድላዩ እዩ።

መመላእታ: ቋንቋ ኣብ ስዊዘርላንድ ንምስራሕን ቀጻሊ ትምህርቲ ንምምሃርን ጥራሕ ኣይኮነን ኣገዳሲ ዝኾነ። ንኻልእ ናይ ህይወት ኩነታት እውን እንተኾነ ቋንቋ ምምላኽ ይጠቅም እዩ: ምስ ጎረባብቲ ንምዕላል፣ ስፔዛ ከግበር ከሎ፣ ምስ መምሃራን ወይ ድማ ምስ ሓኺይም ንምምያጥ፣ ፎርሙላትት ንምምላእ፣ ምስ ቤት ጽሕፈታትን ሰበስልጣናትን ምርኻብ ወ.ዘ.ተ.

ሃበሬታ ብዛዕባ ኮርስ ቋንቋታት ኣብ ዝቐጽል መርበብ ሓበሬታ ትረኽቡ።

In Deutsch: www.berufsberatung.ch > Aus- und Weiterbildung > Fremdsprachen, Sprachaufenthalte > Suche
En français: www.orientation.ch > Formations > Séjours linguistiques, langues étrangères > Recherche
In italiano: www.orientamento.ch > Formazioni > Corsi e soggiorni linguistici > Ricerca corso di lingua

ንቋንቋ ኮርሳት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ሙያ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።.